ብፍረወይኒ ገርግሽ

## ግጥሚ 8 መጋቢት

መዓልትኪ’ዩ ኣህጉራዊት ኣደ
ካብ ጸልማትኪ ብርሃንኪ ዘግሃደ
ነቲ ብወጽዓኪ ክሳዱ ዘርጎደ
ኣብ ውሻጠ ክትነብሪ ዝፈረደ
ነድሪ ዕለትኪ ምስ ሰመዔ ዘንበድበደ፡
ንሰንሰለት ወጽዓኪ ዝበተከላ ዕለት
ድምጺ ናይ ኣውያትኪ ንዓለም ዘበሰርት፡
ኣየወ እቲ ጽንዓትኪ!!
ምስ ክንደይ ገጢምኪ ምስ ዳህራናት
ምስ ኣቓሽሽቲ  ነጋውስ ምስ ኣሸካት
እንቢ ንጸታዊ ዓመጽ ንበደልተይ
እንቢ ንፍርቒ መሰል ንፍርቂ ማዕርነተይ
ጎደሎ ኣይኾንኩን ምሉእ’ዩ ኣካላተይ
እካደኣ ሰፊሕ’ዩ እምነተይ
ብቃልሰይ እየ ዘረጋግጾ ማዕነተይ።

ኣሎኪ ዶ ኣካል ናይዚ ዕለት ኤርትራዊት ኣደ
ሕላገታ ሐጺን ዓረ
ስቅያት ተሕልፍ ዘዝመረረ
መን ደሎዩ ክንድ ኣ ዝጸዓረ
መንዩ ኣይኾነትን ዝብላ ማዕረ
ሂወት ሰብ ተሕቑፍ ወሊዳ
ኣጥብያ ዘዕበየቶ ውላዳ
ኪድ ተሰዋእ እትብል ምዒዳ
ስገዱላ እንደ-ግዳ ኣክብርዋ
ንሳኻያ መፍትሕ ናይ’ቲ ራህዋ
ስድራ ብዘይብኣ ግሃነብ እዩ ጽምዋ
ከምቲ ማይ ዘይብሉ ትጸልኦ ኣከዛ
ኣደ እንተ ዘይብሉ ጸልማት’ዩ እቲ ገዛ
እሳ እንድያ ሰኪዔት ስድራቤት
ኣብ ብደገ ውዒላ ሐንሳብ ከየዕረፍት
ንኩሉ ትበጽሖ ውሻጠ ምድር ቤት
ኣብ ዝባና ኣብ እግራ ህጻናት እናዓንግለት
ኩሉ እኾያ ንሳ እታ ዋሕዘለት
ንሳኾ’ያ ኣደ ብሬን ኣብ ጎቦታት
ንሳኾ’ያ ሓኪም ኣብ ሩባታት
ንሳኻ’ያ ወላዲት  ጀጋኑ ኣደ ሰማእታት።
ነቲ ዘናሽዋ መን ድያ ወሊዳቶ
9 ወርሒ ኣብ ማህጸና ጼራቶ
ነቲ ሰራሕ ቅያ ንሳ እንድያ ወሊዳቶ
ትብዓትን ጽንዕትን ኣምሂራ ይዕብያቶ
ነቲ ምሁር  ንሳ እንድ’ያ ወሊዳቶ
መልሚላ ኾስኪሳ  ፍልጠት ዘስነቀቶ

እታ ትጋደል ብትብዓታ
እታ ተሰዋእ ብተወፋይነታ
እታ ትወልድ ሐርበኛ ዝኾነና ዋልታ
ንሳ እኾ'ያ እታ ሓጺን ዓረ ሐለገታ
ጓል ኤርትራ ዘይብላ መሰታ!!

ዕደመ 8 መጋቢት
3/6/17